**ኣብ ትሪፖሊን ዮርዳኖስን ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ ንድፊ ሕግታት ምርጫን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ዘትዮም።**

---------0-------

ኣብ ትሪፖሊን ዮርዳኖስን ዝነብሩ ኤርትራውያን ብ13 ሓምለ ኣብ ክልቲኤን ከተማታት ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባ ኣብ ንድፊ ሕግታት ምርጫን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ብዕ ምቆት ዘትዮም።

ኣብቲ ኣብ ትሪፖሊ ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሊብያ ኣቶ ዑስማን መሓመድ ዑመር፣ ኣብ ዮርዳኖስ ድማ ብኣካያዲ ስራሕ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ደማስቆ ኣቶ ሑመድ መሓመድ ስዓድ ኩሉ ዝተኻየደ ኣኼባ፣ ተሳተፍቲ ድሕሪ እቲ ዘካየድዎ ሰፊሕ ምይይጥ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣምባሳደር ዑስማን መሓመድ ዑመርን ኣቶ ሑመድ መሓመድ ስዓድን ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ኣኼባታት ኣብ ዘስምዕዎ መደረ፣ ኤርትራውያን ኣብ ዝሃለዉ ሃልዮም ብሃገሮም ዝግደሱን ንሃገሮም ዝሓልዮን ምዃኖም ጠቒሶም፣ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት ሃገሮም ድሕሪኡ እውን ንዳግመ ህንጻ ሃገሮምን ወራር ወያነ ኣብ ምምካትን ዘበርከትዎ ግደ ቀሊል ከምዘይኮነ ገሊጾም። እዚ ሕጂ ኣብ ንድፊ ሕግታት ምርጫን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ኣብ ምዝታይ ዘርኣይዎ ተገዳስነት መቐጸልታ እቲ ንጥፈታቶም ምዃኑ ድማ ኣረዲኦም።

ብኻልእ ወገን ኣካያዲ ስራሕ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ደማስቆ ኣቶ ሑመድ መሓመድ ሰዓድ ኩሉ፣ ናይ ዮርዳኖስ ዩኒቨርሲቱ ያርሙክ ብኣጋጣሚ ኣህጉራዊ መዓልቲ ስደተኛታት ኣፍሪቃ ብ10 ሓምለ ዘዳለዎ ሰሚናር ተሳቲፉ ንኩነታት ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእቲ፣ ሽግር ኤርትራውያን ስደተኛታትን ንምምላሶም መንግስቲ ኤርትራን ኮሚሽን ረዲኤትን ስደተኛታትን ኤርትራን ዝገበርዎ ዘለዉ ጻዕርን ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ንሱ ኣብ መብርሂኡ፣ መንግስቲ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ከምመደብ ሰሪዑ ዝሰርሓሉ ዘሎ ምዃኑ ጠቒሱ፣ ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝተመልሱ ስደተኛታት ከምዘለውን ብፍላይ ድማ ካብ ሱዳን ብጥርኑፍ ናብ ሃገሮም ይምለሱ ከምዘለዉን ገሊጹ።

ንሱ፣ ናይቶም ብሰንኪ መግዛእቲ ካብ ሃገሮም ናብ ሱዳን ተሰዲዶም ኣብ ዝተፈላልየ መዓስከራት ተዓቚቦም ዝጸንሑ ኤርትራውያን መስርሕ ምምላስ ጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ ብምሕባር፣ ሃገሮም ምስ ኣተዉ ስሩዕ መነባብርኦም ንምኽያድ ዝሕግዞም መጣየሲ ንብረትን ገንዘብን ሓገዝ ከምዝግበረሎምን ኣብቲ ዝእተውዎ ዓድታት ድማ ንሕርሻ ዝኸውን መሬት ይዕደሎም ከምዘሎን ሓቢሩ።

ኣብቲ ሰሚናር፣ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ካብ ኢትዮጵያ ዝተሰጉ ዜጋታትን ዝገልጽ ስእልታት ዝርከቦ ናይ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ዘንጸባርቕ ኤግዚቢሽን ቀሪቡ።

****ኣ.ዜ.ኤ*****